**ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ**
**ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን**
**ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ**
**ሆላንድ።**

**St. Eritrean Orthodox Tewahdo**
**Medhanie Alem Kerk**
**Amstelveen-Amstelland Holland.**

24 **ጥቅምቲ** 2016 **ግዕዝ**
23 **Oktober 2023**
**ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2016-426**

**በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።**

**ጉዳይ፥ ክብረበዓል መበል** 20 **ዓመት ምምሥራት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፡**

**ናብ ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፡**

**ብመጀመርታ ንልዑል እግዚኣብሔር ኣምላኽና ዘላዓለ ምስጋና ኣንዳ ኣቐረብና፡ ናብ መበል** 20 **ዓመት ክብረበዓል ምምሥራት ቤተክርስትያንና ደብረሰላም መድሓኔዓለም እንቋዕ ብሰላም ኣብጸሓና ንብል።**

**ብምቕጻል ከኣ ንዝሓለፈ** 20 **ዓመታት ኣብ ዝተፈላለየ ጊዝያትን ኣጋጣሚታትን፡ እዛ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መ/ዓለም፡ ኣገልግሎታን ቀጻልነታን ኣብ ምዕባይን ኣብ ምውሓስን፡ ገደብ ዘይብሉ ጽንዓትን ተወፋይነትን ብምርኣይ፡ ብወለንታ ንዘገልገሉ፡ ውሉደክህነት፣ ኣመሓደርቲ፣ ኣካየድቲ ሥራሓት፣ ኣዴታትን መንእሰያትን፣ ብሓፈሻኡ ኩሎም ኣባላት እዛ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ምስጋና ይግበኦም ኢዩ። ነዚ ጽቡቕ ሥራሕን ሃይማኖታዊ ኣገልግሎትን ከኣ፡ መድሓኔዓለም ዝሕጉሰሉ ስለዝኾነ፡ ኣብ ዓንደ-ወርቁ ጽሒፉ፡ ንመጻኢ ጉዕዞና ከኣ ከም ወትሩ ባዕሉ እንዳ ኣለየ፡ ጸግኡ የብዛሓልና፣ ሰላሙ ከኣ የውርደልና።**

**እዚ ክብረበዓልና ኣብ ቀዳም ዕለት** 18 **ሕዳር** 2023 **ዓምፈ** (8 **ሕዳር** 2016 **ግዕዝ**) **ብሓባር ከነብዕሎ ምኳንና ብኽብሪ ንሕብር። ኩሉ-ሓደ ናይ'ዚ ክቡር ዕለት'ዚ ተሳታፊ ክኸውን እንዳ ዓደምና፡ ንዘይፈለጡ ክትሕብሩ፡ ንዓናይ ናብ ቤት እግዚኣብሔር ኢልኩም ክትጉስጉሱ'ውን ሃይማኖታዊ ግዴታኹም ኢዩ'ሞ፡ ንጻማና ዝኸውን ምኳኑ ፈሊጥና፡ ሓቢርና ክንሠርሓሉ ሰበኻ ጉባኤ ሓደራ ይብልን ይላበወኩምን።**

**መድሓኔዓለም ሰላሙ ይሃበና።**

**ብደሓን ምጽኡ።**

**ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ**

**እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።**



***ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem*** Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland**